## ኣብ ገዛ እተፈልየ ቋንቋ ትዛረብ ዲኻ?

## እዚ ንውላድካ ጽቡቕ እዩ!

### ንውላድካ ብእተፈላለየ ቋንቋታት ከተዕብዮ ዘሎ ብልጫታት

### ንውላድካ ብእተፈለየ ቋንቋ ከመይ ጌርካ ከም እተዕብዮ ዝኾነ ሕቶ'ዶ ኣሎካ?

እዚ ቁርጽራጽ ወረቐት ንዓኻ ዝኸውን ሞቕሹሽሽ ኣለዎ።

ደስ ይበልካ!





በቲ ኣጸቢቕካ እትፈልጦ ቋንቋ ምስ ውላድካ ተዘራረብ!

እዚ ማለት:

- እቲ ከይሓሰብካ ክትዛረቢ እትኽእል ቋንቋ ማለት'ዩ
- እቲ ኣጸቢቕካ እትዛረቦን እትርድኦን ቋንቋ ማለት'ዩ
- እቲ እትሓስበሉ ቋንቋ
- እቲ እትሓለምሉ ቋንቋ
- ዝበዝሐ ግዜ ከኣ እቲ ቋንቋ ኣደ ዝበሃል ማለት'ዩ

ብዛዕብኡ ኣጸቢቕካ ሕሰበሉ:

- ብዛዕብኡ ቅድሚ ውላድካ ምውላዱ ምስ መጻምድትኻ ተዘራረብ።
- ክትከታተሎ እትኽእል ኣገባብ ምረጽ።
- ሓደ ሰብ ውሱን ቋንቋ ጥራይ እዩ ክዛረብ ዝክእል። ንኣብነት: ኣቦ ዳች ቋንቋ ይዛረብ፡ ኣደ ድማ ቋንቋ ፈረንሳይ ትዛረብ።
- ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚ ፍሉይ ቋንቋ ክትዛረብ ትኽእል: ንኣብነት ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድን ኣብ ቤት ትምህርትን ቋንቋ ዳች ትዛረብ ማለት`ዩ። ኣብ ገዛ ይኹን ምስ ስድራቤትና ድማ ናይ ዓድና ቋንቋ ንዘራረብ።
- ኩሉ ግዜ ኣብ ምዝርራብካ ሓንቲ ቋንቋ ተዘራረብ።

## ምስ ውላድካ ብዙሕ ኣዕልል!

በዚ መንገዲ ውላድካ ካልኦት እንታይ ይብሉ ከምዘለዉ ክዛረብን ክርዳእን ይቐለሉ ማለት`ዩ።

- ንውላድካ ካብታ ዝተወለደላ መዓልቲ እዘራርቦ።
- ብዙሕ ተዛረብ። ክትርእዮ እትኽእል ወይ ድማ እትገብሮ ዘለኻ ነገራት ተዛረብ: ክትክደን ከለኻ፡ ክትበልዕ ከለኻ፡ ክትሓጽብ ከለኻ፡ ክትዕድግ ከለኻ፡ መኣዲ ክትቕርብ ከለኻ...
- ንደቅኻ ኣብ ክንዲ ርእሰም ንኽዛረቡ ኣተባብዓዮም። ሕቶታት ሕተት: "ንምንታይ ነዚ ነገር ትፈትዎ?"፡ "ብኸመይ...?"

## ምስ ውላድካ ተጻወት!

እዚ ንውላድካ ቀልጢፉ ንኽዛረብ ክሕግዞ እዩ።

- ንስኻን ደቅኻን እትሕጎስሉ ንጥፈታት ምረጽ: ሓብርካ መዝሙር ክትዝምረሎም፡ ኣከተንብበሎም፡ ኲዕሶ ምስኦም ክትጻወት፡ ኣብ ፓርክ ምስኦም ብእግርኻ ምኻድ፡ መጻወቲ ግድላት ምስኦም ክትጻወት፡ ክትስእል፡ ሕብሪ ክትለኪ፡...
- ክትጻወት ከለኻ፡
    - ዝርኣኻዮ ክትዛረብ ከም ሕብርታት፡ ነገራት፡ ምንቅስቓስ፡ ስምዒታት ክትብል ትኽእል...
    - ከምዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት ሕተት: "እታ ብሽክለታ መዕረ እታ ማኪና ክትከይድ ትኽእል`ዶ?"
    - ምትሕሓዛት ፍጠር: ኣየት ስለዝኾነ፡ ጸሓይ ከም ናይ ቀደማ ኣይትበርኽን እያ፡ ኣቑጽልቲ ድማ ካብ ገረብ ይረግፉ ኣለዉ'።





ውላድካ ጌጋ ይገብር`ዶ? ነተን ሓሳብት ብቕኑዕ መንገዲ ድገመን።

ብድሕርዚ ውላድካ ነተን ቅኑዓት ሓሳባት ቀል"ፉ ክመሃረን እዩ።

• ውላድካ ከምዚ ክብል እዩ: “ባባ ገዛ መጺኡ?”። ንስኻ ድማ ከምዚ ኢልካ ትምልስ: “እው፡ ባባ ናብ ገዛ ይመጽእ ኣሎ።”

• ውላድካ ወዲ 6 ወይ ካልኡ ንላዕሊ ድዩ? ስለዚ ውላድካ ጌጋ ይገብር ከምዘሎ ክትገልጸሉ ትኽእል ኢኻ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት ሕተት: “ነዚኣ ከመይ ጌርካ ተድምጾ?”, “እንታይ ማለትካ እዩ?”, “እንታይ ክትብል ደሊኻ?”

• ንደቕኻ እቲ ብጽቡቕ ዝገብርዎ ዘለዉ ነገራት ንገሮም።

ውላድካ ኣብ ገለ-ገለ እዋናት ብኻልኦት ቋንቋታት ይዛረብ`ዶ?

እዚ ባህርያዊ ነገር እዩ።

• ንነብስኻ ጽቡቕ ኣብነት ግበራ። ንባዕልኻ ሓደ ቋንቋ ተዛረብ።



## ደቕኻ እተፈላለዩ ቋንቋታት ንኽዘረቡ ግዜ   ይወስደሎም እዩ!

- ቋንቋ ዳቾ ካብ ኣብ መዓልታዊ ሂወትካ ብቋንቋ ዳቾ ክትዘራረበሉ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትዘረበሉን ክትርድኦን ዝነውሐ ግዜ ይወስድ። ውላድካ ኣብ ገዛ ዝበዝሕ ግዜ ብቋንቋ ዳቾ ክዘራረብ እዩ: ዳቾ ኣገዳሲ ምኺኑ ትሓስብ ምኺንካ ኣረድኣዮ። ቋንቋ ኣዴኻ ንምንታይ ምዝርራብ ኣገዳሲ ምኺኑ ድማ ግለጸሉ። ንውላድካ ብዛዕባ እተፈላለልዩ ቋንቋታት ኣዘራርቦ። ውላድካ ብዛዕባ እዚ እንታይ ከምዝምዖ ሕተቶ።

## ውላድካ ሓድሽ ቋንቋ ክመሃር ከሎ ስቕ ክብል ይኽእል እዩ።

- ህጻናት ብምዕዛብን ብምስማዕን እዮም ቋንቋ ዝመሃሩ። ን3 ወርሒ ዝኸውን ስቕ በሃሊ ክኾኑ እዮም
- እንታይ ክትገብር ትኽእል?
    - ውላድካ ምስ ካልኦት ህጻናት ነቲ ሓድሽ እተማህሮ ቋንቋ ይጻወት።
    - በዚ ሓድሽ ቋንቋ ውላድካ ቃላት ይዘረብ`ዶ? ሕጉስ ምኺንካ ኣርኢ።
    - ዋላ`ኳ ኣይትፍለጦ፡ ኣብቲ ሓድሽ ቋንቋ ተገዳስነት ኣርኢ።
    - በቲ ሓድሽ ቋንቋ ልክዕ ከምቲ ምስ ጐረባብትኻ ወይ ምስ መምህርካ እትዘራረቦ፡ ደፊርካ ተዘራረብ። ጌጋታት ክትገብር ይፍቀደልካ እዩ!

ውላድካ እቲ ቋንቋ ኣዲኡ ብስርዓት ክርዳእክን ክዘረብን ይኽእል`ዶ?

ብድሕርዚ ቋንቋ ዳቸ ንኽመሃሩ ቀሊል ኮይኑ ክረኽብዎ እዮም።

- ገለ ኣብነትታት:
  - ውላድካ ንሕብርታት በቲ ቋንቋ ኣዲኡ ይፈልጦም`ዶ? ብድሕርዚ ብቋንቋ ዳቸ ንኽዝክሮም ብጣዕሚ ክቐለሎም።
  - ውላድካ ብቛንቋ ኣዲኡ ብ4 ቃላት ሓሳባት ክሰርሕ ይኽእል`ዶ? ብድሕርዚ ብናይ ቋንቋ ዳቸ ቃላት ብቕልጡፍ ሓስባት ክሰርሒ ክጅምሩ እዮም።

ቋንቋ ዳቸ ምዝራብ ደስ ዘብል ነገር ምዃኑ ኣርእዮ!

- ውላድካ ብቛንቋ ዳቸ ዝኾነ ነገር ክነግረካ ኣተባብዓዮ።
- ናብ ቤተ መጽሓፍቲ ብሓንሳብ ብምኻድ ብቋንቋ ዳቸ ጽቡቕ ዝኾነ መጽሓፍቲ ተለቅሑ። ናይ ምዝንጋዕ መደባት ኣዳሊኹም፡ ንኻልኦት ቆልዑ ውን ዓድምዎም። በዚ መንገዲ፡ ውላድካ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ቋንቋ ዳቸ ክዘራርብ ይኽእል እዩ።
- ኣብቲ ኣብ ጐረባብትኹም ዝርከብ ንጥፈታት ብሓሳብ ኪዱ፡ ንውላድካ ኣብ ናይ ህጻናት ጉጅለ ወይ ኣብ ናይ ስፖርት ክለብ ኣመዝግቦ...
- ሓቢርኩም ዜና ወይ ድማ ናይ ቴሌቪዥን መደባት ብቋንቋ ዳቸ ተዕዘቡ።
- ምስ መምህር ኮነ ኣብ ድኳን ብቋንቋ ዳቸ ተዘራረቡ...
- ውላድካ ዝኾነ ሓድሽ ነገር ተምሂሩ`ዶ? ተሓጐስካ ከምዘለኻ ኣርእዮ፡ "ብቛንቋ ዳቸ ንኩሎም ሕብርታት ትፈልጦም`ዶ? ነዚኦም`ከ ክትምህረኒ ዲኻ?"

ውላድካ ነቲ ቋንቋ ክመሃሮ ይኽብዶ ኣሎ ድዩ (ክዛረብን ክርዳእን)?

ነቶም ቤት ትምርህርቲ እዘራርቦም!

እቶም ቤት ትምህርቲ ነቲ ቋንቋ ክመሃሮ ክሕግዝዎ እዮም።



Deze brochure is een initiatief van Onderwijscentrum Gent

Onderwijscentrum Gent

Jubileumlaan 215/B, 9000 Gent

Onderwijscentrum@stad.gent

Tel.09 323 50 50

Contactpersoon Ayse.Isci@stad.gent

Voor mee informatie en folders in andere talen:
www.meertaligheid.be

Vertaling Tigrinya: info@vertaalbureau-perfect.nl

Op initiatief van Ria Goedhart, Hogeschool Utrecht
Ria.Goedhart@hu.nl